ክታበት COVID-19

# ሓቅታት ርኸብ።

## ማስክ ግበር



## ማስኬራ ምግባር ወትሩ ዝሓሸ እዩ

ሎሚ ዉን እንተኾነ COVID-19 ሕማም ይላገብ ኣሎ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ብኣሽሓት ንዙቑጸሩ ሰባት እንተላይ ንኣረጋዉያንን ዓበይትን ንመንእሰያትን ንቖልዑን **ኣብ ከባቢኻ ማስኬራ ዜድሊ እንተ ኾይኑ ወይ ዉን እንተዘይኮይኑ ብዘየገድስ ንስኻን ስድራ ቤትካን ማስኬራ እንተ ጌርኩም ዝሓሸ ድሕንነት ክትረክብ ኢኻ።**

## ማስኬራ ካብ COVID-19 የዕቁብ

ምኽንያቱ COVID-19 ብቐሊሉ ስለ ዝዝርጋሕ ማስኬራ ምግባር ንፈተዉትኻን ንስድራ ቤትካን ሕብረተሰብካን ይከላኸሉልካ እዮም

- ማስኬራ እንተ ድኣ ጌርካ እቲ ቫይረስ ኣብ ኣየር እንተ ኣልዩ ብምስትንፋስ ኣይክትሓምምን ኢኻ
- COVID-19 ከም ዝሓመምካ ዘይክትፈልቶ ትኽእል ኢኻ ምኽንያቱ ኩሉ ሰብ ኣይኮነን ከም ዝሓመመ ዝፈልጥ ኣብዚ መዳይ እዚ ማስኬራ እንተ ጌርካ ነቲ ቫይረስ ናብ ካልኦት ናይ ምዝራሕ ዓቕሙ ይዉሕድ

## ማስኬራ ዉጽኢታዊ ንኽኸዉን ብግቡእ ክዉደዩ ኣለዎም

- ማስኬራኻ ኣብ ልዕሊ ኣፍንጫኻን ኣብ ኣፍካን ግበሮ
- ኣየር ዉን እንተኾነ ብላዕሊ ወይ ብጎኑ ከም ዘየልሕኽ ኣረጋግጽ
- ማስኬራኻ ብጽሩይ ኣእዳዉካ ለቢስካ ኣዉጽኣዮ
- ማስኬራኻ ኣብ ገጽካ ከሎ ኣይትተንክዮ
- እትጥቀመሉ ማስክኻ በብምዓልቱ ኣጽርዮ
- ነቲ ተጠቒምካ ዝድርበ ማስኬራኻ ሓንሳእ ጥራይ ተጠቐመሉ

17 Aug 2022

## ክታበት ዝያዳ ዑቕባ ይኸዉን

- ክታበት ንርእስኻን ንማሕበረሰብካን ንምዕቋብ ክትወስዶ ዘሎካ ልዕሊ ኩሉ ኣገዳሲ ክትከላኸለሉ እትኽእል ዝበለጸ ስጉምቲ እዩ
- እዋናዊ ኽታበታት COVID-19፡ ብቑዕ እንተ ኾንካ እንተላይ ሓጋዚ መበርትዒ ተኸተብ።

## እቶም ዝተኸትቡ ሰባት ዉን ከይተረፉ ማስክ ተገይሮም ዝያዳ ድሕንነት ኣለዎም

ድሕሪ ምኽታብካ እውን COVID-19 ክሕዘካ ይኽእል እዩ፡ እቲ ኽታበት ግና ብብርቱዕ ከይትሓምም ይሕግዘካ እዩ።

ክትክተብን ማስኬራ ክትገብርን ንኮቪድ ንኸይትሓምምን COVID-19 ናብ ካልኦት ንኸይትዝርግሕን ዙሕግዝ ዝበለጸ መንገዲ እዩ

NRC-RIM
National Resource Center for Refugees, Immigrants, and Migrants

ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፦ cdc.gov/coronavirus